ASSOCIAZIONE IMMIGRATI ERITREI IN ITALIA
COORDINAMENTO DEMOCRATICI ERITREI IN ITALIA

# ጋዜጣዊ - መግለጺ

25 /07/2005

## ስርዓት ህግደፍ 161 ኤርትራውያን መንእሰያት ረሺኑ!

ሰበ ስልጣን ኤርትራ ዘስደምም ናይ ቅትለት ገበን ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ፈጺሞም። ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ 10 ሰነ ናይ ምርሻን ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ 161 ንጹሃት መንእሰያት ኤርትራውያን ዜጋታት ብምውሳን ከም ዝተቀተሉ ተፈሊጡ'ሎ፣ እቲ ጉዳይ ከምቲ ዝመጸ ጸብጻብ ድሕሪ በዞም ዝተጠቕሱ ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ዊዓ ዝበሃል ጽኑዕ ናይ "መቕጻዕቲ" ቦታ ዘውሰዶም ምኽንያት፦ ካብ ኩሉ ከኣ እቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ዝጀመረ ዘሕልፍዎ ዝነበሩ ዘስካሕክሕ መግረፍቲን ማእሰርቲን ኩነታቶም ክቃወሙ ስለ ዝፈተኑ እዩ። እዚ ዘሕዝን ክትሓስቦ ዘደንጽዉ ሓበረታ ደንጉዩ እዩ ተሰሚዑ። ንመጀመርያ መግለጺ ዘውጽኡ እዝማሪኖ-ኮም እዮም ቀጺሉ'ዉን ሎሚ ንግሆ ሰዓት 7.30 ራድዮ ፖፖላረ እትበሃል ናይ ወረ ማዕከን ጥልያን ከኣ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ሰፊሕ ተደጋጋሚ መግለጺ ሂቡሉ ኣሎ።

ህልው ኩነታት፤

ካብ ብዙሕ ዓመታት ጀሚሮም ሰበ-ስልጣን ኤርትራን፣ ነቲ ድሑር ስርዓቶምን ዝቃወሙ ኤርትራውያን እንዳገፈፉ ንዊዓ ዝበሃል ኣብ ደንካልያ ዝርከብ ዉዑይ ቦታ እዮም ዝወሰድዎም። ዝና ዊዓ ሰብ ክነብሮ ዘይክእል ውዑይ ቦታ እዩ። ኣብዚ ቦታ እዚ ዘሎ ዋዒ ልዕሊ 55 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ከም ዝበጽሕ ይፍለጥ። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2001 ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ንመምርሒ ስርዓት ኢሳያስ ብሃገርዊ ኣገልግሎት ዝሽፍን ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ተቃውሞ ስለ ዘርአዩ፤ ብሓይሊ ኣብ ማኻይን ጺዒኖም ናብ'ዚ ቦታ ከም ዝወሰድዎም እሞ ኣብዚ ኣጋጣሚ ግዜ'ዚ ከኣ ብሰንኪ መግረፍቲን ዋዒን ካብአቶም ክልተ ተመሃሮ ከም ዝሞቱ ዝዝከር እዩ።
ካብ ብዙሕ ኣዋርሕ አትሒዙ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣንጻር ኩሎም እቶም ንስርዓት ህግደፍ ዝቃወሙ፤ ልዕሊ ኩሉ ከኣ መንእሰያት ኤርትራውያን ግፋ ይካየድ ኣሎ። ስርዓት ህግደፍ ብመላእ ህዝቢ ተፈንፊኑን ተጸሊኡን ዘሎወሉ እዋን፤ በዚ ኩነታት ዝሰንቢዱ መራሕቲ ህግደፍ ኣንጻር መላእ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኩሉ ድማ ኣንጻር መንእሰያት ኤርትራውያን ዝካየድ ጭካኔ ዝመልኦ ግፍዕታት እናኣበርትዔ መጺኡ፣ በዚ ጥራይ እዉን ኣይተወሰነን፤ ካብ ዝሓለፍ 16 ሓምለ ሰፊሕ ናይ ማእሰርቲ ዘመተ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ከም ኣብ ዓዲ-ኻላ ዓዲ-ቀይሕ መንደፈራ ተራእምኒ ዓረዛ ማይ-ሚነ ማይ-ዓይኒ ሃዘሞ…ውዘተ ኣብ ልዕሊ ወለዲ ይካየድ ኣሎ፣ ኣብ ዉሽጢ ቁሩብ መዓልቲ ድማ ካብ 700 ክሳብ 800 ዝግመቱ ወለዲ በቲ ስርዓት ክእሰሩ ኪኢሎም ኣሎዉ፣ እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝግበር ክሲ ድማ ደቅኹም ኣብ ወጻኢ ሃገራት "ንክሃድሙ" ተሓባቢርኩም ዝብል እዩ፣ እዞም ወለዲ ካብ'ቲ ማእሰርቲ-ቤት ክወጹ እንተኮይኖም ክሳብ 50,000 ናቕፋ ትሕጃ ክኸፍሉ ይሕተቱ አለዉ፣ እቶም ነዚ ከማልኡ ዘይክእሉ ድማ ክወጹ ክወጹ ከምዘይክእሉ ተፍሊጡ አሎ።

ነዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ገበናት ኩሎም ደሞክራሲያውያን ሓይልታትን መንግስታትን ዓለም ንክፈልጥዎ ተቃዉመትና ንገልጽን ነቲ ስርዓት ህግደፍ ዝፍጽሞ ዘሎ ገበናት ኣጥቢቕና ንኹንኖን።
ኣብ ኤርትራ ዝፍጸሙ ዘለዉ ግፍዕታትን ግህሰት መባእታዊ ሰብኣዊ-መሰላትን ዝምርምር ሓደ ዓለማዊ ናይ ምርመራ ኮሚቴ ክምስረት ንሓትት።
ንመላእ ዓለምን፤ ንአባላት ፖርላማ ሃገራት ኤውሮጳን፤ ንኹለን ንማሕበራዊ-መሰል ዝጣበቃ ውድባትን፤ ህጹጽን ግብራዉን ስጉምቲ ብምዉሳድ ነዚ ዝካየድ ዘሎ ጀምላዊ ግፋታትን ግህሰታት መሰላትን ማእሰርቲታትን መቕተልትን ምርሻንን ብስቅታ ክፍጸም ክርኢያ ከዘይብለን ክነዘካክረን ክንላቦወንን ንደልይ።
ህዝቢ ኤርትራ ኣውያቱ ዓው ኢሉ ንህዝቢ ዓለም የስምዕ ኣሎ። ምክንያቱ ብሓደ እምነቱ ኣንቢሩሉ ዘይፈልጥን ዘይመረጾን ስርዓት ክርገጽ ስለ ዝርከብ'ዚሎ። ካብ ደሓር ጣዕሳን ከምዚ ኣይመሰለናን ነይሩ ምባል፤ ብኣግኡ ኣውያቱ ስምዕዎ!!

- ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሃ/ጣልያን፣
  assoeritrea@libero.it
- ኣዋሃዲት/ሽ ደሞክራሲኣውያን ኤርትራውያን ኣብ ሃ/ጥልያን፣
  eridemocrat@yahoo.it